# ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን መን ነይሮም?

## ሓፂር ታሪኽ ህይወት

እያ ልምዓት ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ብ1945 ዓ/ም ካብ ኣቦኦ ቀኛዝማች ዘሪሁን ጌታሁን ካብ ኣዲኦ ወ/ሮ እስቴር ኣሳሄል ኣብ ከተማ ዓድዋ ተወሊዱ። ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ትምህርቱ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምስ ወደአ ፤ ናብ ኣሜሪካ ብምቅናዕ ብ1974 ዓ/ም/ፈ ካብ ኮሎምቢያ ዩኒቨርስቲ ብኢንተርናሽናል ስተዲስ፣ ብ1979 ዓ/ም/ፈ ድማ ብማኔጅመንት ናይ መጀመርያ ድግሩ ተማሂሩ እዩ። ከምኡ እውን ብ1981 ዓ/ም/ፈ ካብ ሜሪላንድ ዩኒቨርሲቲ ብሪሶርስ ኢኮኖሚክስ ማስተርስ ተመሪቑ።

ካብ 1981 – 1983 ዓ/ም/ፈ ኣብ ኣሜሪካ "ዘናሽናል ሴንተር ፎር ኢኮኖሚክ ኤንድ ኮሙዩኒቲ ዴቨሎፕመንት" ኣብ ዝተብሃለ ድርጅት ናይ ዓለም ለኸ ዘርፍ ማኔጀር ብምኳን ከም ዝሰርሐን ካብ 1983 - 1992 ዓ/ም/ፈ ድማ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ "ዲፕሎማት ፓርኪንግ ኮርፖሬሽን" ኣብ ዝተብሃለ ዓብይ ድርጅት ብሪጅናል ዳይሬክተርነት ኣገልጊሉ እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ኣይተ ኣርኣያ ኣብ ውሽጡ ብዝነበሮ ናይ ህዝቡን ሃገሩን ፍሉይ ፍቕርን ሓልዮትን ንናይ ግሊ ህይወቱ ትኹረት እንተይሃበ ህዝቡን ወገኑን ንምሕጋዝ ምስ ጉዱሳት መሓዙቱን ፈተውቲ ዓድን ብምኳን ዝተፋላለዩ ምንቅስቓሳት ብምጅማር፤ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ነዊሕን ፈታንን ቃልሲ ምስ ፀላእን ተፈጥሮን ኣብ ኣፍደገ ወታደራዊ ዓወት ኣብ ዝበፅሓሉ እዋን (መጀመርያ 1980ታት) ብልምዓት ንብዓቱ ንምሕባስ ኣብ ኣሜሪካ /ዋሽንግተን ዲ.ሲ/ ብ1981 ዓ/ም ማሕበር ልምዓት ትግራይ ብምምስራት ኣብ ሓፂር ግዜ ንምእማኑ ዘፀገም ናይ ልምዓት ስራሕቲ ክሰርሑን ንካልኦት ህዝብታት ሃገርና ኣርኣያ ክኾኑን በቒዖም እዮም።

ኣይተ ኣርኣያ ብ1985 ዓ/ም ናብራ ኣሜሪካ ብምግዳፍ ናብ ኢ/ያ ምስ ኣተወ ፈለማ ዋና ስራሕ ኣፈፃሚ ቀጺሉ ድማ ኣቦወንበር ቦርድ ማ.ል.ት ፤ ናይ ከቢረ ኢንተርፕራይዝ ዋና ስራሕ ኣፈፃምን ዋና ስራሕ መካየድን ማ ጋርመንት ፋብሪካ ብምኳን ብቅንዕናት፣ ታኣማንነትን ህዝባዊ ሓልዮትን ክሳብ ዕለተ ሞቱ ንህዝቡን ሃገሩን ኣገልጊሉ እዩ። ኣይተ ኣርኣያ ክሳብ ሕልፈቱ ምስ ጉዱሳት ተጋሩ፣ ደገፍቲ ልምዓትን ገበርቲ ሰናይን ብምትሕብባር ንህዝቡን ሃገሩን ዘበርከቶም ስራሕቲ ንምጥቃስ፦

- -> ትምህርቲ (ህንፀት መባእታዊ ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ፣ ህንፀት ኣብያተ መፃሕፍቲ ፣ ወፍሪ ቴቶርያል ፣ ወፍሪ መሃይምነት ምጥፋእ...)
- -> ጥዕና (ወፍሪ መሰረታዊ ጥዕና ፣ ህንፀት ማእኸላት ጥዕና ፣ ህንፀት ሆስፒታል ...)
- -> ሕርሻ (ኣዕቲ ጉድጓድ ማይ፣ ሓፀቢ ፣ መስኖ ፣ ምርባሕ እንስሳ ...)
- -> መንዓዝያን ስልጠና ሞያን(ስራሕቲ ሓፂን መኒን ፣ ስራሕቲ ዕንፀይቲ ፣ መንደቅ ፣ ሽመና)
- ->ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን (ሙዚቃ፣ ሰርከስ ፣ ውሹ ማርሻል፣ ማርሻል ኦርኬስትራ) ወዘተ ይርከብዎም።

ኣብዚ እዋን እዚ ብስራሕቲ ኣይተ ኣርኣያን መሓዙቱን ዘይተረብሐ ዳርጋ የለን ክባሃል ይካኣል ። ህፃን-ዓብይ፣ መንእሰይ-ሽማግለ፣ ጓል ኣንስተይቲ-ወዲ ተባዕታይ ከምኡ እውን ተምሃራይ ፣ ሓረስታይ ፣ ከያኒ ፣ ነጋዳይ ፣ ከተማታይ ፣ ገጠረታይ... ልገሀ ናይ እኒ ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ዝበሉ ውፍያት ደቂ ህዝቢ ሰትዩ እዩ።

ኣይተ ኣርኣያ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሽውዓተ ቆልዑን እንትኾኑ ክሳብ ዕለተ ሞቱ 10 ጥቅምቲ 1999 ዓ/ም ልምዓት እናሰርሐ፣ ስለ ልምዓት እናተዛረበን እናሓሰበን ከም ዝተፈለየና ናይ ቀረባ ግዜ ትዝታና እዩ።

# 6ይ ዓመት ዝኽሪ ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን




1945 - 1999

ኣቦና ኣቦ ልምዓት ፤ ሓዉና ፤ ዓርክና ፤ መምህርና ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ብምኽንያት ሃንደበታዊ ሕማም ካብ ጎንና ካብ ዝፍለ እንሆ 6ይ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ፅቡቅ ዝገበሩልና፤ ንዉልቆም ከይኮነ ንህዝቦም ዝነበሩ ክቡራት ደቂ ህዝቢ ክንዝክሮምን መርኣያ ዝኮነ ተግባራቶም ክነዘንትወሎም ክንመሃረሎምን ግቡእ እዩ።

**"ኣርኣያ ማለት ከም ስሙ መርኣያ እዩ"** ኣይተ ደስታ ኣስገዶም

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ን ምዕንቲ ህዝቦም ዝነበሩን ዝተሰዉኡን ወገናትናን!!**

ብምትሕብባር ማሕበር ምሩቃት ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ መቀለ (MITAA) ን ዓለምለኽ ሕብረት ምሁራን ተጋሩ (TSAN)ን ።